KANTON AARGAU

**DEPARTEMENT**
**BILDUNG, KULTUR UND SPORT**
Vorsteher

**Alex Hürzeler**, Regierungsrat
Bachstrasse 15, 5001 Aarau
www.ag.ch/bks

ናብ
ወለዲ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ኣርጋው
ፎክልስ ሹለ

Tigrinya

ግንቦት 2020

**ምምላስ ተማሃሮ ናብ ትምህርቲ ኩለን ፎክልስ ሹለ ካብ 11 ግንቦት 2020 ጀሚሩ**

ክቡራት ወለዲ

ካብ ሰኑይ 11 ግንቦት 2020 ጀሚሩ ቀዋሚ ትምህርቲ ኣብ ኣርጋው ዝርከባ ፎልክስ ሹለ ስሩዕ ኣገባብ ክጅምር እዩ። እዚ ውሳኔ ብፓርላማ ብዕለት 29 ሚያዝያ 2020 ንመላእ ስዊዘላድ ብዝተወሰነ መሰረት እዩ። ጎኒ ጎኑ ግና ሚኒስትሪ ጥዕና (BAG) ናይ ክንክን ሕማም ለበዳ መስርሓት ሰሪሑ ኣሎ። ስለዚ ነዚ ዘሎ ናይ ገዛ ትምህርቲ ዕለት 8 ግንቦት የብቅዕ። ብድሕሪኡ ውላድኩም ናብ መዋእል ህጻናት፡ መበእታ ደረጃ ወይ ላዕለዋይ ደረጃ ከም ልሙድ ይኸይድ።

## ናይ ክንክን መስርሕ

እዚ መስርሕ ክንክን ኣብ ዳግማይ ምጅማር ትምህርቲ ብመሰረት ሚኒስትሪ ጥዕና BAG ዝተሓንጸጸ ከይኑ፡ ንመላእ ስዊዘርላንድ ድማ ይቕይድ። ንኹሎም ተመሃሮ ንሓድሕዶም ናይ ምፍንታት ሕጊ ኣይምልከቶምን። ህጻናትን መናእሰያትን ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ንትምህርቲ ክኸዱ እንከለው፡ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ቀጽሪ ከም ልሙድ ክንቀሳቐሱን ሓቢሮም ክጻወቱን ይኽእሉ።

በንጻሩ ግና ተማሃሮ ምስ መምሃራኖም ዘለዎም ርክብ ኣብ ዝኾነ እዋን ብዝተኻእለ መጠን እንተወሓደ ክልተ ሜትሮ ርሕቀት ክሕልው ይግባእ። መምሃራን'ውን ንሓድሕዶም ኩሉ ንዓበይቲ ዝተበየነ መምርሒ ከማልእዎን ናይ ክልተ ሜትሮ ርሕቀት ክገብሩን ይግባእ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ኩሎም ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ዝንቀሳቐሱ ሰባት ናይ ጽሬት ሕግታት (የእዳው፡ ንብረትን ላዕለዋይ ጽፍሕን ምጽራይ፡ ብኢድ ሰላም ዘይምብህሃል) ከማልኡ ይግባእ።

ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘሎ መሕጸቢ ላባንዲኖ፡ ሳምና ዘለዎ ፈሳሲን መንቀጺ ወረቐትን ዘማልኡ ኣበየ ኩርናዓት እቲ ህንጻ (ኣብ መእተዊ ካንሸሎ፡ ኣብ ቤት መጻሕፍቲ ተመሳሰልቲ ቦታታትን) ከም ተወሰኽቲ ኣማራጺታት ተዳልዩ ኣሎ። ናይ ኢድ መምከኒ ኣልኮል'ውን ተቐሪቡ ኣሎ። ተማሃሮ ግና ነዚ መምከኒ ኢድ ኣብ ፍሉይ ኩነታት ጥራይ ክጥቀምሉ ይግባእ። ላዕለዋይ ጽፍሒ፡ መጥፍኢ-መወልዒ፡ መስኮትን መዓጹን፡ መትሓዚ ኣስካላ፡ መላእ ዓይኒ ምድርን መሕጸቢ ኢድን ብተኸታታሊ ብጽሬት ክተሓዝ እዩ።

## ትምህርቲ፡ ነጥብታትን ባጀላን

ስሩዕ ትምህርቲ ኣብ ክፍልታት ቤት ትምህርቲ ብመሰረት መደባትን ናይ ሰዓታት ፕሬዳትን ይሰላሰል። ብዛዕባ ነጥቢታት ናይ ዓመታዊ ባጀላ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ዝምልከት፡ ነቶም ትምህርቲ ኣብ ምጅማር ናይ ዕለት 12 ነሓሰ 2019 ክሳብ 13 መጋቢት 2020 ዝተማሃሩን ከምኡ ድማ እቶም ካብ 11 ግንቦት ክሳብ መወዳእታ ናይዚ ዓመት ተኸታታሊ ትምህርቲ ዝፈጸሙ እዩ ዝምልከት። ኩሎም ካልኦት ኣብ መወዳእታ ዓመት እዩ ዝውሰን።

**ናይ ኣለይቲ ቀረባትን ተወሰኽቲ ሓበሬታትን**

ምስ ምጅማር ስሩዕ ትምህርቲ ካብ ዕለት 11 ግንቦት ጀሚሩ እቲ ግዝያዊ ናይ ኣለይቲ ቐረባት ዝነበረ ኣገልግሎት የብቅዕ።

ተወሰኽቲ ሓበሬታታትን መልስታትን ንተደጋጋሚ ዝቐርቡ ሕቶታት ኣብዘን ዝስዕባ ቦታታት ትረኽብወን:

ምኒስትሪ ጥዕና (BAG): www.bag.admin.ch
ካንቶን ኣርጋው: www.ag.ch/coronavirus

ኣብ እዋን ምውሻብ ንደቅኹም ዝገበርኩሞ ኣደናቒ ትምህርታዊ ደገፋትን ዝገበርኩሞ ሓባራዊ ስራሕ ምስ ቤት ትምህርቲ ክቡር ምስጋና ይብጻሕኩም። በዚ መሰረት ዋላ'ውን ኣብ ጽንኩር ኩነታት ኣብ ፍልጠት ምቕሳም ህጻናትን መናእሰያትን ዓቢ ተራ ተጻዊትኩም ኢኹም።

ምስ ብዙሕ ሰላምታ



Alex Hürzeler ሓላፊት ኣብ ቤተ መንግስቲ